# ወተሃደራዊ መግለጺ

**ክፍሊ ዜና ግንባር ተዳሙን ኤርትራ**

**ካብ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ መርሕነት ግንባር ተዳሙን ኤርትራ ዚተውሃበ ወተሃደራዊ መግለጺ ፦**

**ኣብ መጀመርያ ወተሃደራዊ ፍልሚያ ግንባር ተዳሙን ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ሻዕቢያ ከቢድ ኪሳራ ኣውሪዱ ።**

**ጅግና ተጋደላይ ህዝቢ ኤርትራ ፦**

**ንህሊዊናን መሰላትን ህዝቢና ንምክልኻል ጉቡእና ብምፍጻም ኣብ ገጢሙዎ ዘሎ ሰ ግፍዒታትን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ናይ ጥፍኣት ትልሚታትን ምፍኒቃልን ንስደት ምስጣሕን ኩሉ እከይ ተግባራት ስርዓት ሻዕቢያ ንምግታእ፡ ከምኡውን ንሕጋዊ መሰላትና ኣብ ኤርትራ ብኽብርን ነጻነት ንምንባር ፣ ነቲ ህዝብና እናኣሳቀየ ዝርከብ ሾፌናዊ ጉጂለ መልሲ ንምሃብ ሓንቲ ኣሃዱ ካብ ሓይሊታት ግንባር ተዳሙን ኤርትራ ብዕለት 12/08/2009 ለይቲ ልዕሊ ሓንቲ ጋንታ ካብ ሓይሊ 37 ብርጌድ 3 ኣብ መዓስከር ሞኮታ ደቡብ ከተማ ቱኩምቢያ ኣብ ትርከብ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ 9 ወተሃደራት ሞይቶምን 15 ከምዚቆሰሉን እቲ መግለጺ ሓቢሩ ከምኡውን ብርክት ዝበሉ ዶሽካታትን ካልእ ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ ኣጽዋራት ከምዚተደምሰሱ እቲ መግለጺ ወሲኹ ገሊጹ ። ኣሃዱና ንኣከባቢኣ ብዘይ ዝኾነ ክሳራ ንከባቢኣ ከምዚተመለሰት እቲ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ መርሕነት ሓቢሩ ።**

**□ንባር ተዳሙን ኤርትራ እዚ ዓወት ንህዝቢና ከተምዝግብ እንከላ ኣብቲ ነዊሕ ጎዕዞ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መሬቱ ቢሰላም ንምንባር ዚገብሩ መኸተ ታሪኻዊ መዝገብ ተወሳኺ ምዕራፍ ኣመዝጊባ ። □□ንባር ተዳሙን ኤርትራ ምእንቲ በቲ ጮቃኒ ስርዓት ኣስመራ ዚተመንዘዓ መሰላት ህዝቢና ንምርግጋጽን ራህዋን ቅሳነትን ሰላምን ርጋኣትን ሃገርና ንምውሓስ ኩሉ ዓቅሚታታ ጠርኒፉ ኣንጻር ኣረመናዊ ስርዓት ኣስመራ መኸተኣ ቀጻሊ ሙኻኑ ተረጋግጽ ።**

**ላዕለዋይ ወተሃደራዊ መርሕነት ግንባር ተዳሙን ኤርትራ**
**15 ነሓሴ 2009 ዓ.ም**